# ኤርትራ፡ ኣባልነታ ካብ ኢጋድ ኣንጠልጢላ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን)
21.04.2007

በይነ መንግስታዊ ማሕበር ልምዓትን ምክልኻል ምድረበዳን ወይ ኢጋድ (IGADD) ኣብ 1986 ዓ.ም ኢዩ ተመስሪቱ። ብ1996 ድማ፡ ጸጥታውን ፖለቲካውን ቍጠባውን ምትሕብባር ንምምዕባል ዝዓለመ ትካል ብምዃን በየነ-መንግስታዊ ናይ ልምዓት በዓል ስልጣን ወይ ኢጋድ (Inter Governmental Authority for Development) ብዝብል ስም ክጽዋዕ ጀሚሩ። ከንያ፡ ኡጋንዳ፡ ሱዳን፡ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ጅቡትን ሶማልን ድማ ኣባላት'ቲ ማሕበር ምዃነን ይፍለጥ።

ኤርትራ፡ ኣንጻር ሕቡራት ሃገራት፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ማሕበር ሃገራት ኣዕራብን ዝኣመሰሉ ኣህጉራዊ ትካላት ጽዑቕ ፕሮፓጋንዳዊ መጥቃዕቲ ተካይድ ምንባራ ይዝከር። ስርዓት ኢሳያስ፡ ብፍላይ ሕቡራት ሃገራትን ሓድነት ኣፍሪቃን ዝኾነ ይኹን ቍም ነገር ዘይብለን፡ ሽግራት ክፈትሓ ዘይክእላ ልሙሳት ማሕበራት ኢየን እናበለ ይገልጸንን፤ ኣብ ክንድኡን ድማ፡ ዞባዊ ትካላት ክቼማ ይጽውዕን ምንባሩ ናይ ቀረባ እዋን ዝኽሪ ኢዩ። ሽግራት ኣፍሪቃ ብፍላይ፡ ብሕብረት ኣፍሪቃ ዘይኰነስ፡ ከም ኢጋድ ብዝኣመሰላ ዞባውያን ትካላት ጥራሕ'ዩ ክፍታሕ ዝኽእል እናበለ ይምጉት ምንባሩ ውን ዞላትና ክከተተሎ ዝጸንሐ ኣሉ ክበሃል ዘይከኣል ሓቂ ኢዩ።

እዚ ከበሃል ከምዘይጸንሐ፡ ኮር ተገልበጥ፡ ኢጋድ ዝረብሕ ማሕበር ስለዘይኰነ፡ ኤርትራ ኣባልነታ ኣንጠልጢላ ኣላ ዝብል ብዕለት 21.04.2007 በቲ ስርዓት ዝተዋህበ ሃንደበታዊ መግለጺ፡ ንተጋላባጥን ዘየተኣማምንን ባህርያት ናይ'ቲ ስርዓት ዘንጸባርቕ ተወሳኺ ጭብጢ'ዩ ኰይኑ።

እዚ ምዕባለ'ዚ መቓጸልታ ናይ'ቲ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ውሽጢ ዝኽተሎ ፖሊሲ ኢዩ። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ፡ ካብኡ ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ንዝወነነ ዝኾነ ይኹን ዜጋ ምጽላምን ብኸድዓትን ብጸረ ሃገራውነትን ምኽሳስን ልሙድ ጠባያቱ ኰይኑ'ዩ ጸኒሑ። ኢጋድ ውን፡ መሳርሒ ናይ ስርዓት ኢሳያስ  ክሳብ ዘይኰነ፡ ዕጫኡ ከም ሕብረት ኣፍሪቃን ሕቡራት ሃገራትን ወይ ድማ፡ ከም'ተን ክንእደን ጸኒሑ ሕጂ ዘጸልመንን ዝዋግኣንን ዘሎ ጕረባብቲ ሃገራት ክኸውን ግድነት ኢዩ።